መርሃዊት ሃይላይ:

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

ቅድሚ ስነፍጥረት ምፍላጥና ንኽፈጥር ዝኽእል ፈጣርን ገባርን ከም ዘሎ ምፍላጥ ይግባእ። ንእግዚኣቢሄር ንፍለጥ ንኽንፈልጦ ከኣ ንስዓቦ ፥ ሆሴ.6:3 ። ምኽንያቱ ሓደ ህንጻ ብዘይ ሃናጺ ከምዘይህነጽ ፍሉጥ እዩ። ዝኾነ ብዓይነ ስጋ ዝርአን ዘይርአን ዝፈጠረ ፈጣሪ ጉልቀ ዘመኑ እዚ እዩ ኢልካ ዘይቁጸር ምኽኑ እቲ ዘይፍለጥ ፈጣሪ ብዝፈጠሮ ፍጥረት ይፍለጥ ።''ንዕቤት አምላኽ ክንርድኦ ኣይንኽእልን ኢና ፥ ንቁጽሪ ዓመታቱ ከኣ ክንጽብጽቦ ኣይንክእልን ኢና። 'ኢዮብ 36:26 ።

እግዚኣቢሄር ቅድሚ ዓለም ብጎይትነቱን ኣብ ክብሩን ሓደ ከይጎደሎ እናነበረ ከሎ ሸሙ እና ኣመስገኑ ክብሩ ወሪሶም ምስኡ ሕያውያን ነበርቲ ለባውያን ፈላጣት ነባብያን ተዛረብቲ ፍጥረታት መላእኽትን ሰብን ክፈጥር ስለ ዝፈተወ (ዝፈቐደ)ኣቐዲሙ መራኽቢኡም ዝኸውን 4ተ ባህርያትን ንዝተወሰነ እዋን መንበሪኡም ዝኸውን ሰማይን ምድርን ካብዚ መጺኡም ካብዚ ዘይበሃሎ ካብ ዘይምንባር ብስልጣኑ ፈጠረ ዘፍ.1:1 ። ስነፍጥረት ማለት ስንዐ ፍጥረት ማለት እዩ ። 'ወኣሥተ ሰነዐዎሙ በበይናቲሆሙ እንዘ በዚኣሁ ግእዘ(?) ጠባይሆሙ። እዚ ማለት ብባህሪኡም ሰሪሑ ነንሓድሕዶም ኣሰማምዖም ከምዚ በሎ የውሃንስ ኣፈወርቂ ተመስኪሩ ኣሎ ድር.ዮሐ.ኣፈ.2 ።

ናይ ፍጥረት መወሃሃድቲ ዝኾነ 4ተ ባህርያት ፥ እሳት ፥ ማይ ፥ ንፋስ ፥ መሬት፥ ዝተፈላለዩ ኣንጻር ኣኳ እንተኾኑ ብናይ እግዚኣቢሄር ሓይልን ጥበብን ተሰማሚዖም ይነብሩ ። ስለዚ 'ስንዐ ፍጥረት ' ይበሃሉ '።

እዚ ዓለም መዓስ ተፈጥረ እንተበሉ ብ29 መጋቢት ብዘመነ የውሃንስ ብዕለተ ሰንበት20 ዓለማትን 22ን ስነፍጥረትን ፈጠረ ። 20 ዓለማት ዝተባህለ እንታይ እዩ ፥ 9ተ ዓለመ እሳት ፥ 5ተ ዓለመ መሬት ፥ 4ተ ዓለመ ማይ ፥ 2ተ ዓለመ ንፋስ እዩ። 9ተ ዓለመ እሳት ዝተባህሉ እንታይ እንታይ እዮም ፥ነቲ ሓዊ ዋሲኡ ኮሊዑ ብብርሃኑ 7ተ ሰማያት ፈጠረ ናይ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ቀጽራ ሓዊ እዩ ። ሸሞንተ ብትሕቴና ዘሎ 9ተ እዩ ። 5ተ ዓለመ መሬት ዝተባህሉ ኣየኖት እዮም ? ገነት ፣ ብሄረ ህያዋን ፥ ብሄረ ብጹኣን፥ ዘለናዮ መሬት ፥ በርባኖስ እዩ ።

ሸውዓተ ሰማያት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1.ጽርሐ ኣርያም

2.መንበረ መግስት

3.ሰማይ ዉዱድ

4.ኢየሩሳሌም ሰማያዊት

5.ኢዮር

6.ራማ

7.ኤረር እዮም።

ጽርሐ ኣርያም ልዕሊ ኩለን ሰማያት እያ። ንመንበረ ስብሐት ከኣ ከም ጠፈር እያ፥ መንበረ መንግስት ማለት እግዚኣቢሄር ከም ዝፈቐዶ ከም ምስልታት ራኤይ ኮይኑ ንፍጡራቱ ዝገለጻ እያ። ንኢሳይያስ፣ ንሕዝቅኤል ፥ ንዮሐንስ ንጉስ መሲሉ ከምዝተራዮም።'ኣነ፥ እግዚኣቢሄር ኣብ በሪኽን ልዕል ዝበለን ዝፋን ተቐሚጡ ከሎ ረኣኽዎ ። ኢሳ.6:1 ። ' ኣብ ልዕሊ እቲ ጠፈር ከኣ እምኒ ሰፊሮስ ዝመስል ምስሊ ዝፋን ነበረ ። ኣብ ልዕሊ እቲ ዝፋኑ ዝመስል ድማ ኣርኣያ ሰብ ዝመስል ነበረ ። ሕዝ.1:26 ፥ 'ሽዑ ሽዑ ከኣ ብመንፈስ ተመሰጥኩ እንሆ ድማ ኣብ ሰማይ ዝፋን ተቐሪቡ ነበረ ። ራኢ.4:1-3 ።' ሰማይ ዉዱድ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ተዘርጊሑ ንመንበረ መንግስቲ ህንጻ ኣዳራሽ ኮይኑ ዝፋን መንበረ መንግስቲ ዝተዘርግሐ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኣራእስ እቶም እንስሳ ከኣ ከም መስትያት ዘንጸባርቕ ጠፈር ሰማይ ዚመስል ተዘርጊሑ ነበረ። ሕዝ. 1:22 ።

ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ቅድም ቅድሚ ኣዳም ምፍጣሩ ሳጥናኤል ዝተፈጥረላ እያ። ደሓር ግን ብትዕቢቱ ዝሰኣና ኑቲ ብሻድሻይ መዓልቲ ዝተፈጥረ ኣዳም ዘልኣለማዊት ርስቲ ዝተዋህበት እያ። 'ንስኻትኩም ናብ እምባ ጽዮን ናብታ ከተማ ሕያው አምላኽ ዝኾነት ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ናብቶም ብሓጎስ ዝተጋብኡ ኣእላፋት ዝኾኑ መላእኽትን ናብታ በቲ ኣብ ሰማያት ስሞም ዝተጻሕፈ ቦኽሪ ዝኾኑ ዝቕመት ቤተ ክርስትያን ናብቲ ኩሉ ዝፈርድ አምላኽ ናብ ንፋሳት እቶም ፍጹማት ዝኾኑ ጻድቃንን ናብቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን መንጎኛ ዝኾነ ኢየሱስን ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ብዝበለጸ ምንጻግ ደምን ኢኹም በጺሕኩም ዘለኹም። ዕብ.11:22-24 ።'እታ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ጭዋ እያ ። ንሳ ከኣ ኣዴና እያ። ገላ.4:26, ራእ.21:2-3 ። 4ተ ዓለመ ማይ ዝተባህሉ ከ እንታይ እንታይ እዮም ? ሐኖስ ፥ ጠፈር ፥ ዉቅያኖስ ፥ ብትሕቴና ዘሎን እዮም ። 2ተ ዓለመ ንፋስ ዝተባህለ ኸ እንታይ እዩ? ሐኖስ ዝቐስቀስ ባቢል ዝበሃል ሓያል ንፋስ ኣሎ ብትሕቴና ዘሎን እዩ። 22 ስነፍጥረት ከ እንታይ እንታይ እዮ እንተበሉ፥ 7ተ ናይ ሰንበት ፥ ሓደ ናይ ሰኑይ ፥ 3ተ ናይ ሰሉስ ፥ 3ተ ናይ ረቡዕ ፥ 3ተ ናይ ሓሙስ ፥ 3ተ ናይ ዓርቢ፥ራብዓይ ንኣዳም ፈጠረ።

ዘምበብናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር አምላኽ ኣሜን ።

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

ናይ ሰንበት ስነፍጥረት

ብቀዳማይ ሰዓት ሌሊት ንፋስ ፥ እሳት ፥ ማይ ፥ መሬት ፥ ጸልማት ፥ ሰማያት መላእክት ፈጠረ ።

ብካልኣይ ሰዓት ለይቲ ጽርሐ ኣርያም ፥

ብሳልሳይ ሰዓት ለይቲ መንበረ መንግስት ፈጥረ።

ብራብዓይ ሰዓት ለይቲ ዉዱድ ፈጠረ ።

ብሓምሻይ ሰዓት ለይቲ ኢየሩሳሌም ፈጠረ፥

ብሻድሻይ ሰዓት ለይቲ እዮር ፈጠረ፥

ብሻብዓይ ሰዓት ለይቲ ራማ ፈጠረ ፥

ብሻምናይ ሰዓት ለይቲ ኤረር ፈጠረ፥

ብታሽዓይሰዓት ለይቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ዘለዉ መላእኽቲ ፈጠረ ፥

ብዓስራይ ሰዓት ለይቲ ኣብ እዮር ዘለዉ መላእኽቲ ፈጠረ ፥

ብዓሰርተ ሓደ ሰዓት ለይቲ ከኣ ኣብ ራማ ዘለዉ መላእኽቲ ፈጠረ።

ብዓሰርተ ክልተ ሰዓት ለይቲ ከኣ ኣብ ኤረር ዘለዉ መላእኽቲ ፈጠረ ።

ኣብ ኢየሩሳሊም ሰማያዊት ዝተፈጥሩ መላእኽቲ ብከሕደት ምስ ወደቑ ናብ መዓሙቕ እንጦርጦስ ኣውረዶም ደርበዮም። ራኣ.12:9 ,ይሁ.1:16 ፥ ካብዚኦም ገለ ክፋል ዘይከሓዱ ዘይወደቑ ስለ ዘለዉ ምስቶም ኣብ እዮር ዘለዉ መላእኽቲ ጸንበሮም ። ብንግሆ ኸ ፈጢሩ ዶ? እወ ፥ ብርሃን ፈጠረ ፥ ዘፍ.1:3 ፥ ናይ ሰንበት ፍጥረት ከሳዕ እዚ እዩ።

ዘምበብናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር አምላኽ ኣሜን ።

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

ናይ ሶኒ ስነፍጥረት

ናይ ሰንበት ሲ ነገርካኒ ናይ ሰኑይ ከ ከመይ እዩ እንተበልካ ካብዚ ዓለም ጀሚርካ ክሳዕ ብሩህ ሰማይ ማይ መሊኡ ነበረ። ንዑኡ ኣብ ሰለስተ ከፈሎ ። ኣበይ ኣበይ ገበሮ? ሐኖስ ፥ጠፈር ፥ ዉቅያኖስ ፥ ገበሮ ። ብሩህ ሰማይ ዝተባህለ ኤረር አዩ። ብሰኑይ ብቀዳማይ ሰዓት ለይቲ ማእኸል ማያት ጠፈር ይበሃል ይኹን ኢሉ ተዛረበ ። ነቲ ማይ ከኣ ከም ሓጺን ኣጽኒዑ ኣብ ማእከል ማያትን ልዕሊኡም እንርአዮ ሰማይ ፈጠረ ንማያት ከኣ ናብ ላዕልን ከፈሎም። ንሰማይ ከኣ ጠፈር ኢሉ ሰመዮ ። ዘፍ.1:6-8 ዘምበብናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር አምላኽ ኣሜን ።

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

ናይ ሰሉስ ስነፍጥረት

ናይ ሰኑይ ሲ ነገርካኒ ናይ ሰሉስ ከ ? ካብ ሰኑይ ክሳብ ሰሉስ ኣብ ትሕቲ ጠፈር መሬትን ማይን ከም ርግኡን ልኻይን ረጊአም ነበሩ ። እግዚኣቢኢሄር ብሳልሳይ መዓልቲ ዕለተ

ሰሉስ ብቀዳማይ ሰዓት ለይቲ ንማይ ኣብ ሓደ ይተኣከብ ኢሉ ኣዘዘ እሞ ንማይ ካብ መሬት ፈልዩ ትሕቲ መሬትን ወሰናስን ዙርያ ምድርን ኣቐመጠ ። 'ባሕሪ 'ኢሉ ከኣ ሰመዮ ። ንምድሪ ከኣ ብማይ ከበባ ። ኣብዚኣ ሰዓት ዉን መሰረት ምድሪ ንዝኾነ ንበርባኖስ ኣዳለወ።

ብካልኣይ ሰዓት ከኣ ኣብ ልዕሊ ባርባኖስ እሳት ኣንበረ ።

ኣብ ሳልሳይ ሰዓት ለይቲ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሓዊ /እሳት /ንፋስ ኣንበረ ።

ብራብዓይ ሰዓት ለይቲ ከኣ ኣብ ልዕሊ ንፋስ ንማይ ኣንበሮ ።

ብሓምሻይ ሰዓት ለይቲ ኣብ ልዕሊ ማይ ንመሬት ብንፋስን ብእሳትን ኣድሪቑ ኣጽኒዑ ንምድሪ ፈጠራ ። ዘፍ.1:9-10 ። በዚ መዓልቲ ንምድሪ ፈጠራ ክንብል ከለና ኣቐዲሙ ኣይፈጠራን ማለት ኣይኮነን ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጻሕፈ ካብ ማይ ኣይተፈልየትን ነበረት እሞ በዛ መዓልቲ እዚኣ ካብ ማይ ይፍለዩ ኣዝርእቲ ንምብቋል ማሕደር ንምኸን ኣብቅዐ ማለት እዩ። ኣብዚ እዋን ምልዛብን ምልስላስን ከም ርግኡ ኮይና ረጊኣ ተረኽበት። ምድሪ ዝተባህለት ዉን በዚ ምኽንያት እዩ ።

ንምድሪ ሰለስተ ኣስማት ኣለዋ ካብኣ ከይተፈላለየት ከላ ጸብሪ ትበሃል ። ጭቃ ማለት አዩ ። ካብ ማይ ምስ ተፈልየት ድማ መሬት ተባህለት ማህደር ማለት አዩ ደሪቓ ምስ ተፈላለየት ድማ መሬት ተባህለት ። እዚ ኽኣ ሓመድ ደሮና ማለት እዩ ። ካብዚ ንደሓር ከኣ ንፋስን እሳትን ንምድሪ ከጽንዕዋ ከለዉ ካብ ማይ ባሕሪ ጠሊ ዘለዎ ሃፋ (ግመ)ኣብ መሬት ከኣ ደረቕ ሃፋ በነንታ ወጸ እሞ ክልቲኡ ተወሃሂዱ ደመና ፈጠረ። ዘፍ.2:6 ።

ናይ ምድሪ ምሉእ መልክዕ ገጻ ከባብ ከም ሓምሓም እያ ። 'እስመ ምድር ክቡብ ከመ ኮራ' ማለት መሬትስ ከም ገንኢ ከባብ እያ ማለት እዩ። ከምዝበለ ቅዱስ ጊዮርጊስ ወልድ ኣሚድ ። ኣቀማምጥኣ ድማ ከም መርከብ ኣብ ማእከል ባሕሪ እዩ። ምኽንያቱ ሙሉእ ዙርያኡ ብባሕርን ዉቅያኖስን ዝተኸበበት እያ።

እግዚኣቢሄር ንምድሪ ኣብ ባሕሪ ሰረታ ኣብ ማያት ከኣ ኣጽኒዑ ሃነጻ ። መዝ.24:2 ። ንምድሪ ኣብ ልዕሊ ማያት ዘርግሐ ። መዝ.136:6 ። ሰማያት ካብ ጥንቲ ብቓል ኣምላኽከምዝነበረ ምድሪ ዉን ካብ ማይን ብማይን ከምዝተፈጥረ ፈትዮም ይርስዕዎ ኣለዉ ። 2ጴጥ.3:5 ። ካብዚ ንደሓር ኣብ ከርሲ ምድሪ ዘለዉ ክፍላተ ዓለማት የዳሉ ።

ብሻድሻይ ሰዓት ለይቲ ብሄረ ብጹኣን ዝተባህለት ቦታ ኣዳለወ ።

ብሻውዓይ ሰዓት ለይቲ ብሄረ ሕያዋን ኣዳለወ ።

ብሻምናይ ሰዓት ለይቲ ገነት ኣዳለወ ።

ብታሽዓይ ሰዓት ለይቲ ንምድሪ ኣዝርእትን ሳዕርን ኣቑጽልትን ተብቁል ኢሉ ኣዘዘ ። ብማዕጺድ ዝዕጸዱ ኣዝርእትን ብጽፍሪ ዝረኣዩ ኣትክልትን ብምሳር ዝቑረጹ ኣኣዋምን ፈጠረ ። ናይዚኦም ፍጥረቶም ከኣ ካብ ኣርባዕተ ባህርያት ስጋ እዮም ። ካብ መሬት ፥ ንፋስ ፥ እሳት ማይ እዮም ። ደመ ነፍሲ ግን የብሎምን ። ካብ መሬት ምኽኖም ብምንታይ ይፍለጥ? ዕንጸይቲ ወዲቑ ምስ ደረቐ ፈሲሱ በስቢሱ ይተርፍ መሬት ይኽውን ካብ ማይ ምኽኖም ብምንታይ ይፍለጥ? ዕንጸይቲ እንተ ወጋእካዮ ደም ማይ የውጽእ ። ካብ ሓዊ ምኽኖም'ከ ብምንታይ ይፍለጥ ? ብዕንጸይቲ ንዕንጸይቲ እንተፋሕፍካዮ ሓዊ የውጽእ ። ካብ ንፋስ ምኽኖም'ከ ብምንታይ ይፍለጥ ? ንፋስ ዘይወቕዖ ኣም የለን ። 'ወበሃውከውተንፋስ ይነውህጎ ኩሉ ኣርዝ'ከም ዝበለ ማርይስሐቅ። ንፍረ ምድርስ ፥ ንፋስ የግዝፎ ። መቅድመ ወንጌል ። ዘፍ.1:11-13 ። ዘምበብናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ኣሜን ።

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን

ናይ ረቡዕ ስነፍጥረት

ናይ ሰሉስ ነገርካኒ ናይ ረቡዕ'ከ ከመይ እዩ? እንተበሉ ካብ ሰንበት ጀሚሩ ክሳዕ ረቡዕ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘበለ ፥ ምድሪ ብምሉኡ ጸልማት ዝመልኦ ነበረ።

ብራብዓይ መዓልቲ ረቡዕ ግን እግዚኣቢሄር ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃን ይኹን ኢሉ ኣዘዘ ። ብመጀመርታ ሰዓት ለይቲ ብርሃን ዝህቡ ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ፈጠረ ። ዘፍ.1:14-17 ። ናይ ወርሒ ሰሌድኣ ካብ ማይን ካብ ንፋስን እዩ። ክፍለ ብርሃን ከኣ ካብታ ናይ ሰንበት እተፈጥረት ብርሃን እዩ ካብታ ብንግሆ ሰንበት እተፈጥረት ብርሃን ከንዲ ኣድሪ እትኽውን ኣምጺኡ ኣብ ሸውዓተ ከፊሉ ሸዱሸተ ኢድ ንጸሓይ ቀብኣ ። ነታ ሓንቲ ድማ ኣብ ሸዉዓተ ከፊሉ ሸዱሸተ ኢድ ንወርሒ ቀብኣ ። ነታ ሓንቲ ድማ ንከዋኽብቲ ቀብኣ ይብል መጽሐፈ ምስጢር ። ካብታ ናይ ሰንበት ዝተረፈት ብርሃን ሸውዓተ ኢድ ኣምጺኡ ሰለስተ ኢድ ንጸሓይ ከልተ ኢድ ንወርሒ ሓደ ኢድ ንከዋኽብቲ ሓደ ኢድ ንደመናት ቀብኣም ። ሰሌድኣም ካብ ማይን ንፋስን ፈጢሩ ብርሃን ቀብኣም ።

ከዋኽብቲ ድማ ብብርሃኖም ይበላለጹ ። ኮኾብ ካብ ኮኾብ ብኽብሪ ይበልጽ 1ቆሮ.15:41 ። ሰሌዳ ከለዎም ብዙሕ ብርሃን ዘይብሎም ደብዛዛት ኣለዉ ። ብርሃን ዘይብሎም ጽሉማን ከዋኽብቲ ዉን ኣለዉ ። ዋላ ኣኳ እንተጸልመቱ ከዋኽብቲ እዮም።'ካብ መገዶም ዝዘንበሉ

ከዋኽብቲ እዮም ' ይሁዳ 1:13 ። ናይቶም ብሩሃት ከዋኽብቲ ግን ብብርሃኖም ኣይመልእን ኣይነድልን እዩ። ከምቲ ብተፈጥሮ ዝተዋህብዎ መጠን እዮም ዝነበሩ ።

ናይ ወርሒ ብርሃን ብነደሎ ይጅምር፣እንደገና ዉን ይጠፍአ ። ወርሒ ክትፍጠር ከላ ብምሉእ ብርሃን ተፈጢራ ካብታ ዝተፈጥረትላ ካብ ቀዳማይ ሰዓት ክሳዕ 12 ሰዓት ለይቲ ምሉእ ከተብርህ ሓደረት ንወርሒ ብዙሕ ምልውዋጥ ኣለዋ ፥ ቅድም ትርአ ካብታ እተራአየትላ ክሳዕ 14 ለይቲ ንመበል 15 ለይትን ምልኣተ ብርሃን ትኸውን። ሓደ ሓደ ኢድ እናነከየት ብምኻዳ ሰሌዳኣ ጠሪሹ ባዶ ይተርፍ። ብርሃና ምስ ተፈልያ ጸልማት ትኸውን። ካብዚ ንደሓር ወርሒ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ርእሳ ትቐልዕ። ናይ ጸሓይ ሙቐትን ብርሃንን ምስ ዓረፋ ፥ ሰሌዳኣ ይመዉቕ ብርሃን ይሰኣላ እሞ ዳግም ትወጽእ (ትርአ)። ከምዚ እንዳበለት ዓለም ክሳብ ዝሓልፍ በዚ ስርዓትፍጥረታ ትነብር ።

እግዚኣቢሄር ዉን ንከዋኽብትን ወርሕን ብርሃኖም ብለይቲ ክህቡ ገበረ።'ንወርሕን ከዋኽብትን ብለይቲ ክበርሁ ገበረ።'መዝ.136:9 በዚ ዕለት ብቐዳማይ ሰዓት መዓልቲ ምስ ዋዒኡን ምስ ሙቐትን ካብ እሳትን ካብ ንፋስን መቐሉ ናይ መዓልቲ ብርሃን ዝኾነት ጸሓይ ፈጠረ። ዘፍ.1:16 ። ወርሒ ዉን ብቐዳማይ ሰዓት ምሸት ብምስራቕ ተፈጢራ ከተብርህ ሓዲራ ብወገን ምዕራብ ክትጠፍአ(ክትኣቱ)ክትብል ጸሓይ ከኣ ብቐዳማይ ሰዓት መዓልቲ ብምስራቕ ተፈጢራ ከተብርህ ዉሲላ ድሕሪ 12 ሰዓት ብምዕራብ ጠለቐት ። ብርሃን ጸሓይ ካብ ወርሒ 6ተ ኢድ ብልጫ ኣለዎ ።'ክብሪ ጸሓይ በይኑ ፥ ክብሪ ወርሒ በይኑ እዩ።'1ቆሮ.15:41. እቲ ዓቢ ብርሃን ብመዓልቲ ክስልጥን እቲ ንኣሽቶ ብርሃን እዉን ብለይቲ ክስልጥን ገበረ።ዘፍ.1:16 ከዋኽብትን ወርሕን ብርሃኖም ብለይቲ ከገልግሉ ጸሓይ ዉንብርሃኑ ብመዓልቲ ንኽገልግል እግዚኣቢሄር እዚ ገበረ ።'ንጸሓይ ብመዓልቲ ከም እትበርህ ገበረ ።'መዝ.136:8 ። እዞም ብርሃናት እዚኣቶም ብምዉጽኦም ብእታዎም ምስ ብርሃንን ጸልማትን ብምፍራቆምምልክት ኮይኖም ምድራዊ ዓለምና መሰየ ፥ ወግሐ ፥ ጸልመተ ፥ በርሀ ፥ ወዓለ ፥ ሓደረ ። ሓደ ለይቲ ሓደ መዓልቲ ሸውዓተ መዓልቲ ሓደ ሰሙን ፥ ሓደ ወርሒ ፥ 12 ወርሒ ፥ ሓደ ዓመት ፥ ሚእቲ ዓመት ፥ ሓደ ዘመን ፥ ሓደ ሽሕ ዓመት ሸሞንተ ሽሕ ዓመት እንዳ ተባህለ ዓለም ግዜ ኣሕሊፉ ክሳዕ ምጽኣት ዝኸውን መቐጸሪ ዘመናት እናኾኑ ይነብሩ ኣለዉ። ዘፍ.1:14 ። ዘምበበናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር አምላኽ አሜን ።

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

ናይ ሓሙስ ስነፍጥረት

ናይ ረቡዕ'ሲ ነገርካኒ ናይ ሓሙስ ከ ከመይ እዩ? እንተበሉ ፥ ብሓምሻይ መዓልቲ ብዕለተ ሓሙስ ማየ ባሕር ነፍስ ዘለዎም ዝንቀሳቐሱ ብኽንፎም ዝበሩተውጽአ ኢሉ ብዝኣዘዞ ፥ ዓሳታት ኣብ ዉሽጢ ማይ ዝነበሩ ዝንቀሳቐሱ ዝበሩን ኩሎም ኣዕዋፍ ከም ማይ ደርሆ '-ብደመ ነፍስ ሕያዋን ገይሩ ፈጠሮም ። ዘፍ.2:20-21።

እዚኣም ከኣብእግሮም ዝኸዱ ብክንፎም ዝበሩ ብልቦም ዝስሓቡ ፈጠረ ። ፍጥረቶም ግን ካብ ኣርባዕተ ባህርያት ስጋ እዩ ። ካብ መሬትን ንፋስን ማይን እሳትን እዮም። 'ደማዊት ነፍስ እምበር ነባቢት ነፍሲ የብሎምን ኣካላቶም ስጋን ደምን ዓጽምን ጅማትን እዩ ብደመ ነፍስ ይንቀሳቐሱ ። ናይ ደመ ነፍስ ፍልጠት ዉን ኣለዎም ። እዚኣም ከኣ ሰለስተ ነገድ (ዘመድ)ይበሃሉ ። ዘመደ እንስሳ ፥ ዓሳታት ዘመደ ኣራዊት ፥ ሓርገጽ ፥ ጉማረ ፥ ዕንቅርቢት ባሕሪ ወዘተ ዘመደ ኣዕዋፍ ፥ ማይ ደርሆ ፥ ታኪን ፥ ነጥቂት፥ ዓሳ ወዘተ...እዮም ብኣነባብርኣም ግን ሓደ እዮም ።

እቲ ኮይኑ እቲ ካብ ማይ ተፈልዮም ከነብሩ ኣይክእሉን ዉሱናት ግን ኣብ መሬት ይነብሩ እዮም ንውሱን ግዜያት ። እግዚኣቢሄር ብዝፈጥሮም ብዝሑ ተባዝሑ ንባሕሪ ምልእዋ ኢሉ ንኽራብሑ ትእዛዝ ሃቦም ገለ ገለ ብመውሱቦ ይራብሑ ገለ ድማ በብእዋኑ ካብ ማይን ጭቃን ዝራብሑ እዮም ። ዘፍ.1:22 ።

እዚ ከኣ ብፍጥረቱ ንፍጥረቱ ንምርዳእ እግዚኣቢሄር በብጥበቡ ዝኣለሞ እዩ። ምሳሌኡ ድማ እቶም ብልቦም ዝሓስቡ ናይ ሰብኣ ዓለም ምሳሌ ። እቶም ብእግሮም ዝሸክርክሩ ናይ ባሕታውያን ምሳሌ ። ብኽንፎም ዝበሩ ናይ ሰማእታት ምሳሌ እዮም ባሕሪ ናይ ጥምቀት ምሳሌ እዩ። ዘምበብናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር አምላኽ ኣሜን ።

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን

ናይ ዓርቢ ሥነፍጥረት

ናይ ሓሙስ'ሲ ነገርካኒ ናይ ዓርቢ ኽ ከመይ እዩ ፧ እንተበሉ ብሻድሻይ ሰዓት ብዕለተ ዓርብ ብቐዳማይ ሰዓት ለይቲ ንምድሪ በብዓሌቶም እንስታታትን ኣራዊትን ህይወት ዘለዎም ዝንቀሳቐሱ ደመ ነፍስ ዘለዎም ኣብኣ ዝነብሩ ይኹኑ ኢሉ እግዚኣቢሄር ኣዘዘ።

ኣብ መሬት እምበር ኣብ ማይ ዘይነብሩ ህያዋን ፍጥረታት ፈጠረ ።ዘፍ.1:20-22 ። ኣፈጣጥርኡም ዉን ከም ናይ ሓሙስ ኣብ ኣርባዕተ ባህርያተ ስጋ እዮም ። ህይወቶም ዉን ደም እዩ ። ናይ ደመ ነፍስ ፍልጠት ኣለዎም ። ብደማዊ ፍጥረቶም ግን ካብ ናይ ሰሉስ ፍጥረት ይበልጹ። ድሕሪ ሞቶም ግን ሕይወት ስለ ዘይብሎም ልከዕ ምስ ኣእዋማትን ኣዝርእትን ሓደ እዮም በስቢሶም ሓመድ ኮይኖም ይተርፉ ። ብ ኣፈጣጥርኡም ግን ኣብ ሰለስተ ይኽፈሉ ።

ንሳቶም ከኣ ነገድ ምንታይ ይበሃሉ። ዘመደ እንስሳ ዘመደ ኣዕዋፍ ዘመደ ኣራዊት ይበሃሉ። ዘመደ እንስሳ ሳዕሪ በሊዖም ማይ ሰትዮም ዝነብሩ እዮም። ዘመደ ኣዕዋፍ ፍረ ኣእዋምምን ኣዝርእትንበሊዖም ማይ ሰትዮም ዝነብሩ እዮም።ዘመደ ኣራዊት ስጋ ሓይኾም ደም ሰትዮም ዝነብሩ እዮም ። ካብዚኣም እንስሳ ዘቤት እንስሳ በረኻ የዕዋፍ ገዛ ናይ በረኻ ኣዕዋፍ ናይ ገዛ ኣራዊት ናይ በረኻ ኣራዊት ኣለዉ። ነዚኣም ፈላሊኻ ክትፈልጦም እንተ ደሊኻ ብኽምዚ ይግለጹ ፡ ናይ ገዛ እንስሳ ንምሕራስ ንምጽዓን ንመጓዓዝያ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሰብ ዝግልገለሎም እዮ። እዚኣም ከኣ ከም ፈረስ ፧ በቕሊ ፧ ኣድጊ ፧ ላም ፧ ብዕራይ እዮም ። ናይ በረኻ እንስሳ ሰብ ዘይጥቀመሎም ንሰብ ሪኡም ዝበሩን ዝሃድሙን እዮም።

ካብ ሰንበት ክሳብ ዓርቢ ብመጀመርታ ዝተፈጥሩ ፍጥረታት 22 እዮም ። እግዚኣቢሄር ካብ ሰንበት ክሳብ ዓርቢ ዘዳለዎም ፍጥረታት ኩሎም ብመልክዑ ኣኽቢሩ ዝፈጠሮ ኣዳም (ሰብ) ንመግብን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ንመግብን ንስራሕን ንክኾኖ ብዓቢኡ ከኣ ነቲ ዘይፍለጥ ፈጣሪ ከምዘሎ መርሚሩን ምፍላጥ ኢሉ እዩ። ከምቲ ሓደ ወላዲ ንዉሉዱ ቅድሚ ምምርዓዉ መነባበሪኡ ዘዳለወሉ ማለት እዩ። ንኣዳም ግን ድሕሪ ኩሉ ፈጠሮ ።

እግዚኣቢሄር ከሳዕ ኣብዚ ዝፈጠሮም ፍጥረታት ድሕሪ ምፍጣሩ ዓርቢ ብንግሆ ብመልክዕናን ብምስልናን ሰብ ንፍጠር በለ ዘፍ.1:26 ። ከምዚ ኢሉ እግዚኣቢሄር ምስ ተዛረበ ንግዙፍ ኣካል ስጋ ካብ ኣርባዕተ ባህርያተ ስጋ ካብ መሬት ፧ ማይ ፧ ንፋስ ፧ እሳት ዝተፈላለየ ቦታታት ኣወሃሂዱ ብደም ብጅማት ኣጣመሮም ብስጋ ኣለሳሊሱ ንነፍሲ ብነባቢነት ኣወሃሂዱ ንሰብ ብምስሉ ፈጠሮ ። ዘፍ.2:7,1:27 ። ሰብ ማለት ድማ ተሰብአ ካብ ዝብል ቃል ግእዝ ዝመጸ እዩ ። ትርጉሙ ከኣ ሸውዓተ ማለት እዩ ። ከግለጽ ከሎ ከኣ ሸውዓተ ሃብትታትን ሸውዓተ ጠባያትን ከምኡ ዉን ሸውዓተ ምስጢራትን ከምዝሃበ ንምርዳእ። ሸውዓተ ጠባያት ፧ ኣርባዕተ ባህርያተ ስጋ ንፋስ ፧ ማይ ፧ መሬት፧ እሳት እዮም ። ሰለስተ ባህርያተ ነፍስ ከኣ ለባዊት ፧ሕያዊት ፧ነባቢት እዮም ።

ኣዳም ሰብ ተባሂሉ ዝጽዉዓሉ ናይ ጠባዩ ባህርያት ኣፈጣጥርኡ እዩ። 'ሰብኣሰ በእንተ ፍጥረተ ጠባይ ሚሁ ተሰምየ ሰብእ' ሃይማኖተ ኣበዉ ጎርጎርዮስ ገባሬ መንክራት ክፍሊ 1ይ ምዕ.13 ቁ.2 ። ፍሉይ መጸውሚኡ ግን ኣዳም እዩ ። ንኣዳም ከኣ ናይ ሰላሳ ዓመት ጎበዝ ገይሩ ፈጠሮ ። ዘፍ.5:2 ። እግዚኣቢሄር ካብ ሰንበት ክሳዕ ዓርቢ ኣብ ሽዱድተ መዓልቲ ዝፈጠሮም ፍጥረታት በብጾታኦም ብዙሓት ኣኳ እንተ ኾኑ ሓደ ኢልካ እንተ ተቐጽሩ ግን 22 ፍጥረታት እዮም እዚኦም እዮም ከኣ 22 ስነ ፍጥረት ዝበሃሉ ። እግዚኣቢሄር ፍጥረታት ምፍጣር ዓርቢ ብሻድሻይ ዕለት ብንጉሆ ን ኣዳም ምስ ፈጠረ ኣብቐዐ። ካብዚ ንደሓር ግን ነንሓድሕዱ እንዳተዋሰበ ተባዝሐ እምበር ሓድሽ ፍጥረት ኣይፈጠረን ። ዘፍ.1:31 ። ሸውዓተ ንኣዳም ዝተዋህቡ ሃብትታት እንታይ እንታይ እዮም፤ እንተተባህለ፥

1.ትንቢት

2.መንግስት

3.ክህነት

4.ሀብተ ፈውስ

5.ሀብተ ልቦና

6.ሀብተ ሃይልን ዓወትን

7.ሀብተ ንጽህናን ጣዕመ ዝማሬን ኣዮም ።

ሸውዓተ ምስጢራት ከኣ ፥ ምስጢረ ክህነት ፥ ምስጢረ ጥምቀት ፥ ምስጢረ ሜሮን ፥ ምስጢረ ቁርባን ፥ ምስጢረ ንስሓ ፥ ምስጢረ ተኽሊል ፥ ምስጢረ ቀንዴልን እዮም። ስለምንታይ እዩ ጎይታ ንኣዳም ድሕሪ ኩሉ ዝፈጠሮ ኣንተበሉ ፥ ሰብ ፈታዊኡ ኣንተጸውዐ ቅድሚ ምጽዉዑ ቤቱ ጸሪጉ ጉዝዓዝ ኣንጺፉ ንቐድም ዝበልዖን ዝሰትዮን ቀሪበ ፈታዊኡ ይጽዉዕ ። ጎይታ ድማ ቅድም ዝበልዖን ዝሰትዮን ቀሪቡ ንኣዳም ድሕሪ ኩሉ ፈጠሮ። ቀዳምኪ ፈጢሩ ዶ ኣይፈጠረን ፤ ኣንታይ ኮይኑ ፤ ፍጥረት ስኢኑ ፥ ደኺምዎ ፥ ግዜ ስኢኑ ፥ መሲይዎ ድዩ ፤ ኣይኮነን ። እንታይ ደኣ ፤ ፍቓዱ ኮይኑ ። ንዓና ድማ ዕረፍተ ስጋ ዕረፍተ ነፍስ ትኹንኩም ብማለት ኣይፈጠረን ። 'ኣምላኽ ከኣ ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ኩሉ ግብሩ ፈጺሙ በታ ሻውዐይቲ መዓልቲ ካብቲ ዝገብሮ ዝነበረ ኩሉ ግብሩ ኣዕረፈ ። አምላኽ ከኣ ካብቲ ዝፈጠሮን ዝገብሮ ዝነበረን ኩሉ ግብሩ በታ ሻውዐይቲ መዓልቲ ስለ ዘዕረፈ ንዑኡ ቀደሳን ባረኻን ። ዘፍ.2:2-3 ። ድሕሪ እዚ ከኣ ብፈጣሪ ተኣዚዞም መላእኽቲ ንኹሎም እንስሳታትን ኣራዊትን ኣዕዋፍን ሽም ንኽሰምዮም ኣኪቦም ናብ ኣዳም ኣምጽእዎም ።'ካብ ሰንበት ክሳዕ ሓሙስ ብኻልኣይ ሰሙን ንኹሎም ስሞም ሰመዮም ። ሰንበት ኣራዊት ኣምጽኡሉ ስም ሰምዩ ሰደዶም ። ሰኑይ እንስሳታት ኣምጽኡሉ ስም ሰምዩ ሰደዶም ፥ ሰሉስ ኣዕዋፍ ኣምጽኡሉ ስም ኣውጺኡ ሰደዶም ።ረቡዕ ኣምጽኡሉ ስም ኣውጺኡ ሰደዶም ፥ ሓሙስ ኣብ ባሕሪ ዝነበሩ ኣምጽኡሉ ፥ ስም ሰምዩ ሰደዶም። ዘፍ.2:19:20,ኩፋሌ 4:1-4 ። ኣዳም ከኣ እዚኣቶም ኩሎም በብጾታኦም ወድን ጓልን (ተብዓታይን ኣንስታይን)ኮይኖም ምስ ረኣየ ኣነ ጥራሕ በይነይ ፍጥረት ተፈጢረ ዝብል ሕልና ሓደሮ። ኩፋሌ4:3 ።

እግዚኣቢሄር ከኣ እዚ ሕልና ኣዳም ተረዲኡ ኣብ ካልኣይ ዓርቢ ካልኣይቲ እትኾኖን እተረድኦን ንፍጠረሉ እምበር ሰብ ጥራሕ በይኑ ከኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን ኢሉ ተዛረበ። ካብ ጎድኒ ኣዳም ሓደ ዓጽሚ ወሲዱ ንዑኡ እትረድኦ ሰበይቲ ፈጠረሉ ። ዘፍ.2:18,ኩፋሌ 4:4-6

። ከፈጥራ ከሎ ከኣ ብነፍሲ ይኹን ብስጋ ምስቲ መበቆላ ዝኾነ ኣዳም ብባህሪ ፥ ጠባይን ከይነደላ ንዑኡ ኣምሲሉ ፈጠራ ። ከፈጥራ ከሎ ከኣ ጓል 15 ዓመት ጎርዞ ጌሩ ፈጠራ ። ኣብዚ ክንርድኣ ዝግብኣና ግን ሰብኣይ ምእንቲ ክብሪ ኣዳም ዝተፈጥረ ሓያል በዓል '666'ኣስራው እዩ ። ሰበይቲ ግን ምእንቲ ኣዳም ዝተፈጥረት በዓልቲ '333'ኣስራው ድኽምቲ ፍጥረት እያ ። 1ቆሮ.11:7-9 ። ቅዱስ ጴጥሮስ ዉን ከምዚ ይብል ። ንሳተን ድኹማት ፍጥረት ስለ ዝኾና ይብል። 1ጴጥ.3:7 ። ከምኡ ድማ እታ ሕያዊት ነፍስ ንኣዳም ኣያ ኡፍ ዝተባህለትሉ እምበር ሔዋን'ሲ ርኽበታ ካብ ሰብኣይ እዩ። ነዚ እዩ ከኣ ኩሉ ግዜ ትጽቢታ ካብ ሰብኣይ ዝኾነ ። እቲ ዝወሃብ መዓርጋት ስልጣን ኣምላኻዊ ክህነት ንተባዓታይ ጥራሕ እዩ ዝወሃብ ። ዘፍ.2:7 ። እግዚኣቢሄር ንኣዳም ካብ ጎድኑ ፈጢሩ ምስ ኣርኣዮ ኣዳም ከኣ እዚኣስ ካብ ዓጽመይ ዓጽሚ ካብ ስጋይ ስጋ እያ፥ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ ሰበይቲ ትብሃል በለ።

ስለዚ እዩ ከኣ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቲ ከኣ ይወሃሃድ ፥ ሓደ ኣካል ከኣ ይኾኑ። ዘፍ.2:23-24,ማቴ.19:5,ኩፋሌ 4:6 ። ሰብኣይ ማለት ከኣ ተብዓታይ(ወዲ)ማለት እዩ። ሰበይቲ ማለት ከኣ ኣንስተይቲ ማለት እያ ። ተሓባባሪት ማለት ከኣ ናይ ኣዳም ብተፈጥሮ ጠባይ ማለት መባዝሒት ዘርኢ ኣዳም ማለት እያ። ዉላድ መርከቢት ማለት እያ ። ካብ ኣዳም ጎድኒ ከምዝተረከበት ንሰበይቲ ሄዋን ኢሉ ስም ሰመያ ። ሄዋን ማለት ኣደ ኩሎም ህያዋን ማለት እዩ ። ዘፍ.3:20 ።

ብድሕሪ እዚ እግዚኣቢሄር ንኣዳምን ሄዋንን ብዝሑን ተባዝሑን ንምድሪ ምልኣዋ ኢሉ ባረኾም ። ዘፍ.1:28 ። ብኽምዚ እናተዋለደ ዘርኢ ወዲ ሰብ ክሳዕ ኣባና በዚሑ ይርከብ ። ካብ ሎሚ ክሳዕ ዓለም ዝሓልፍ ወዲሰብ ክዋለድ ክወልድ ይነብር ። እግዚኣቢሄር ንኣዳምን ሄዋንን ንምድሪ ምልእዋ ምስ በሎም ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣብ ባሕርን የብስን ዝርከቡ ፍጥረቱ ማለት ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሱን ግሁሳትን ሕያዋንን ፍጥረታት ኣግዝኡም ስልጣን ሃቦም ። ዘፍ.1:28-30,መዝ.8:6-8 ። ወዲ ሰብ ዘይገዝኡም 5 ፍጥረታት እዮም ። ንሳቶም ድማ ፥ መላእኽቲ ፥ ሸዉዓተ ሰማያት፡ ብርሃን ፥ ጸልማትን ፥ ጠፈር ዝተባህለ ሰማይን እዮም።

ናይ ሥላሴ ሃብቶም ብምንታይ ይፍለጥ ፤ ብመሬት ፥ ኣብ መሬት እንታይ ይርከብ፤ ንበልያ ፥ ንሰትዮ ፥ ንኽደኖ ይርከብ ። ኣብ ሥላሴ ድማ ሰማእታት ጻድቃንን መልእኽቲ ዚወርስዎ ይርከብ።

ናይ በረኽት መዝገብ ካብኣ ከም ዝተባህለ ። ሃብታም ዘየለቅሕዎ ፥ ጎይታ ዘይስርዕዎ ንጉስ ዘይሸየሞ ፥ ከምዝበለ ቅዳሴ ዮሐንስ ወልደ ነጎድጓድ ። ምስጋናኡ ካብኡ ዉዳሴኡ ብኡኡ ሃብቲ ጸግኡ ምሉእ ከም ዝበለ ዮሐንስ ኣፈወርቅ። ናይ ስላሴ ምሕረቶም ብምንታይ ይፍለጥ ፤ ብማይ ፥ ማይ እንታይ ይገብር ፥ ዝቐረብካሉ ረስሓት የንጽህ ። ሥላሴ ድማ ብዙሕ ሓጢያት ጌረ በዲለ እየ እንተበልካዮም የንጽህኺ ። ብሓቂ ሕማምና ጾር ስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ ኢሣ.53:4 ። እግዚኣቢሄር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቐ ኢሳ.5:34 ?? ኢሳ5?.3:6,1ጴጥ.2:24 ።

ናይ ሥላሴ ሓያልነቶም ብምንታይ ይፍለጥ፤ ብሓዊ ፥ ሓዊ እንታይ ይገብር፤ ሩባ ሕሩስ ንቦ እንተዘይከልኪልዎ ዝቐመን ዝወደቐን ርሑስ ደረቅ ይቃጽል (ይነድድ)። ሥላሴ ድማ ርህራሄኡም እንተዘይከልኪልዎም ንኹሉ ከጥፍኡ ይከኣሎም። 'እሳት ???መድሓኒ ንርቱዓት ልቢ ነቶም ሕጉ ዝፍጽሙ ፥ እሳት(ሓዊ)በላዒ ነቶም ሽሙ ዝኽሕዱ ። ኣባ ሕርያቆስ ቅዳሴ ማርያም።

'ናይ ሥላሴ ፍርዶም ብምንታይ ይፍለጥ ፤ ብንፋስ ፥ ንፋስ እንታይ ይገብር ፤ ንጽኑዕ ካብ ሱሩ ንሓሰር ካብ ኣኽሉ ይፈሊ ። ሥላሴ ድማ ጻድቃን ካብ ሓጥኣን መእመናን ካብ መናፍቓን ይፈልዩ። 'ዓውዱ ዘጽርየሉ መስአ ኣብ ኢዱ ዘለዎ እዩ።'ማቴ.3:12 ። እግዚኣቢሄር ክሓልፍ ከሎ መሸንበቦን ህቡብላን ይለዓል ። ናሆም 1:3 ። ነዚኣም ኣርባዕቲኣም ሰለስትነት ኣለዎም ።

1.መሬት ፥ ጽሉም ፥ ይቡስ ፥ ርጡብ እዩ።

2.ማይ ፥ ብሩህ ፥ ዉዑይ ፥ ቆሪር እዩ።

3.ሓዊ ፥ ብሩህ ፥ ዉዑይ ፥ የብስ አዩ።

4.ንፋስ ፥ ጽሉም ፥ ዉዑይ ፥ ቆሪር እዩ።

ብኣይ እዉን ብ 3 ሓድነት ፥ ብሓደ ከኣ ሰለስትነት ኣለኒ ንማለት 3 ግብሪ ፈጠረሎም ። ንኣብነት ደኣ እዚኦም ቀሪቦም እምበር ስነ ፍጥረት እንተ ተመርማሩ ካብዚ ክሳዕ ሰማይ ብምስጢር አምላኽ ዝተሮቐሐ ኮይኑ ምረኽብናዮ ስብሐት ለእግዚኣቢሄር ዘኣፈጸመነ ስነ ፍጥረታቲሁ በሰላመ እግዚኣቢሄር ኣሜን ።

ዘምበብናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና እግዚኣቢሄር አምላኽ ኣሜን ።